ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ الحزب الديمقراطي الأرتري

Eritrean Democratic Party

ደምዳሚ ኣዋጅ ራብዓይ ምዱብ ኣኼባ

ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ

ራብዓይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ካብ 7-8 ሚያዝያ 2009 ተኻዪዱ።

ራብዓይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰዲኤ ዝካየደሉ ዘሎ እዋን: ብመርሕነት ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝምራሕ፣ ዲክታተርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዓሚቕ ቅልውላው ኣትዩ፣ ሃገርና ኣብ ኣስጋኢ ፖለቲካዊ፤ ዲፕሎማስያውን ቁጠባውን ዓዘቕቲ ጥሒላ ኣብዘላትሉ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብሓለንጊ ጥሜትን ማሕበራዊ ሽግራትን ይሳቐ ኣብ ርእሲ ምህላዉ፣ መንእሰያት ብብዝሒ ንስደት ኣብዝውሕዙሉ ግዜ ይካየድ ዘሎ ብምዃኑ፣ ማእከላይ ባይቶ ዑዙዝ ኣቓልቦ ሂቡ ብምዝታይ ቃልሱ ብዝላዓለ መንፈስ ከተዓጻጽፍ ዝደረኾ ኣተሓሳሳቢ ኩነታት ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰዲኤ ካብ ሳልሳይ ምዱብ ኣኼባኡ ን ድሕሪት ናይ ዝተኻየደ ስርሓት ጸብጻባት ድሕሪ ምስማዕ ሰፍሕ ዘተን ገምጋምን ብምክያድ፣

- ውሽጣዊ ኩነታት ሰልፊ
- ደምበ ኤርትራዊ ተቓውሞ
- ዝምድና ሰዲኤን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን
- ዝምድና ሰዲኤን መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝብሉ ኣገደስቲ ኣርእስቲታት ዘተዩ ገምጋም ድሕሪ ምግባር ውሳኔታትን ለበዋታትን ኣሕሊፉ።

ኣብ መወዳእታ ኣኼባኡ ድማ ማእከላይ ባይቶ ሰዲኤ ኣቶ ተስፋሚካኤል ዮሃንስ ኣቦመንበርን፣ እዞም ኣስማቶም ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለን መሪጹ፣

1. መስፍን ሓጎስ
2. መሓምድኑር ኣሕመድ
3. ምሕረት ገብረሱስ
4. ረዘነ ተስፋጽዮን
5. ሓጅ ዓብደልኑር ሓጅ

6. ሓምድ ድራር ኣሕመድ

ራብዓይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ

9 ሚያዝያ 2009